איילון
חברה לביטוח בע"מ

# הצעה לביטוח רפואי - לשוהים זרים בישראל
# Proposal Form Health Insurance - Foreigners in Israel

הטופס מנוסח בלשון זכר ומיועד לנשים ולגברים

| No Agent / מספר סוכן | Name of Agent / שם סוכן |
|---|---|
| 322460 | אריק רוזן |

**Status of insurance / סטטוס ביטוח**

☐ New insurance / ביטוח חדש ☐ הארכה / חידוש

**נא סמן את סיבת הגעתך לישראל / The purpose for coming to Israel:**

☐ Nursing care / סיעוד ☐ Agriculture / חקלאות ☐ Construction / בניין ☐ Industry / תעשייה ☐ Other / אחר ____________

## 1. תוכנית ביטוח מבוקשת / Insurance program wanted (נא לסמן X בריבוע המתאים. / Please mark X at the correct square)

☐ פוליסה לעובדים זרים עפ"י צו עובדים זרים בעלי אישור עבודה בתוקף / Policy for Foreign worker with permit to work in Israel

☐ Medical insurance לתיירים בישראל / Tourist Medical Insurance

**תקופת הביטוח המבוקשת / Insurance period requested:** מתאריך / from date ____________ עד תאריך / Up to Date ____________

## 2. פרטי המועמד לביטוח / Insurance applicant personal details

| מספר דרכון / Passport No | שם משפחה / Last Name | שם פרטי / First Name | תאריך לידה / Date of birth | מין / Gender |
|---|---|---|---|---|
| | | | | ☐ ז / M ☐ נ / F |

| ארץ לידה / Country of birth | תאריכי כניסה לישראל / Israel entery day | כתובת דואר אלקטרוני / e-mail |
|---|---|---|
| | | |

| טלפון נייד / Mobile phone | טלפון נוסף / Another phone No | כתובת בית בישראל / Address: רחוב, מס' בית / street,house no. | עיר / Town | מיקוד / Zip code |
|---|---|---|---|---|
| | | | | |

**ביטוחים קודמים בישראל / Previous Insurances in Israel**

☐ כן / Yes ☐ לא / No

חברת ביטוח / Insurance Co ____________

מס' חבר קופ"ח / Membership No ____________

מתאריך / From date ____________ עד תאריך / Up to date ____________

## 3. פרטי בעל הפוליסה/המעסיק / Details of policy holder

| מספר זהות / ID No | שם משפחה / Last Name | שם פרטי / First Name | שם איש קשר | טלפון של איש קשר |
|---|---|---|---|---|
| | | | | |

| טלפון נייד / Mobile phone | טלפון נוסף / Another phone No | כתובת דואר אלקטרוני / e-mail |
|---|---|---|
| | | |

**כתובת בית / Address**

| רחוב, מס' בית / street,house no. | עיר / Town | מיקוד / Zip code |
|---|---|---|
| | | |

## 4. דמי הביטוח / Insurane premium

| פרמיה יומית בש"ח / Daily cost in NIS | מס' ימי ביטוח / No. of days | סה"כ פרמיה בש"ח / Total cost in NIS |
|---|---|---|
| | | |

## 5. מסירה וטיפול במידע אישי לפי דיני הגנת הפרטיות / The supply and handling of personal information in accordance with privacy protection laws

מובהר שאין חובה חוקית למסור לאיילון מידע אישי ומסירתו תלויה ברצון ובהסכמת המוסר אולם אי מסירת מידע אישי עלול למנוע מאיילון את היכולת לספק שירות או לתת מענה לפניה.

המידע האישי שתמסור ייאגר במאגרי המידע של איילון חברה לביטוח בע"מ. מאגרי המידע של איילון מנוהלים כדין ואיילון מכבדת את הזכות לפרטיות. הטיפול במידע אישי על ידי איילון (כולל לאילו מטרות הוא ישמש, למי יכול שיועבר ולאילו מטרות), פרטי הקשר של איילון, וזכויותיך בקשר עם מידע אישי שאיילון מעבדת אודותיך (כולל זכות עיון וזכות לבקש תיקון המידע), הוא כמפורט במדיניות הפרטיות של איילון שמתפרסמת באתר האינטרנט של איילון בכתובת: https://www.ayalon-ins.co.il/about-us/privacy-and-security/

Please note that you are under no legal obligation to supply personal information to Ayalon and doing so is left to your discretion. However, if you do not supply certain personal information, Ayalon may be unable to provide service or respond to enquiries.

The personal information you supply will be stored in the databases of Ayalon Insurance Company Ltd. The Ayalon databases are legally administered and Ayalon respects your right to privacy. Details of how personal information is handled by Ayalon (including the purposes it is used for, who it can be shared with and for what purposes), contact details of Ayalon, and your rights in connection with personal information which Ayalon processes (including the right of review and the right to request corrections to personal information), appears in the Ayalon privacy policy document which can be downloaded from the Ayalon website at: https://www.ayalon-ins.co.il/about-us/privacy-and-security/

איילון
חברה לביטוח בע"מ

## 6. אופן התשלום / Payment method

☐ המחאה ☐ הוראת קבע ☐ הפקדה בנקאית

☐ כרטיס אשראי / Credit Card מסוג: ☐ ישראכרט ☐ ויזה ☐ דיינרס ☐ אחר ______________________

| שם בעל הכרטיס / Name of card holder | מס' זהות / ID No | מס' טלפון / Telephone No. |
|---|---|---|
| | | |
| מספר כרטיס אשראי / Credit card No. | תוקף / Exp. date | מס' תשלומים / No. of payments |
| | | |

| תאריך / Date | שם בעל הפוליסה / Name of policy holder | חתימה / Signature of policy holder |
|---|---|---|
| | | |

<<< >>>

AYALON INSURANCE COMPANY LTD.

HEAD OFFICE: AYALON HOUSE, 12 Abba Hillel Silver St., Ramat Gan 5250606
mail@ayalon-ins.co.il www.ayalon-ins.co.il P.O.B 10957 ISRAEL

# መግለጺ ጥዕና
# ንወጻእተኛታት ሰራሕተኛታት ወይ በጻሕቲ ዚምልከት መድሕን ጥዕና

| 1. **ብዛዕባ ሓታቲ መድሕን ዚምልከት ዝርዝር ሓበሬታ** | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ስም ኣቦ | ስም | ቍጽሪ ፓስፖርት | ጾታ | ዕለት ልደት | ሚዛን | ቍመት |
| | | | ተባ / ኣን | | | |

ንኺጥዕም ተባሂሉ፡ እዚ ቅጥዒ'ዚ፡ ብተባዕታይ ጾታ ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ንኣንስታይ ጾታ ግን ብማዕረ ዚምልከት እዩ [*መዘኻኸሪ ንተርጓሚ – ንመገልበጢ (ዒላማ ዚኾነ) ቛንቋ ዚምልከት እንተኾይኑ ጥራይ ተርጕም*]።

| 2. **መግለጺ ጥዕና** |
|---|
| ብኽብረትኩም ኣብቲ ኣድላዪ ዚኾነ ሳጹን ምልክት X ግበሩ። ንዝኾነ ሕቶ እትህብዎ መልሲ እወ እንተኾይኑ፡ ብኽብረትኩም ተወሳኺ ዝርዝራት ሃቡ። ብዛዕባ ጥዕናዊ ኩነታትኩም፣ ውጽኢት መርመራን ዝርዝር ሓበሬታ ናይቲ ዝተቐበልክሙዎ ሕክምና ዚምልከት ካብ ዶክተር ዝረኸብክሙዎ ተወሳኺ ሕክምናዊ ሰነዳት ከተቕርቡ ክትግደዱ ትኽእሉ ኢኹም። |

| **ሓፈሻዊ ሕቶታት** | | **እወ** | **ኣይፋል** |
|---|---|---|---|
| 1. | ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት፡ መብጣሕቲ ገይርኩም'ዶ ወይ መብጣሕቲ ንኽግበረልኩም ምኽሪ ተዋሂብኩም'ዶ፧ | | |
| 2. | ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት፡ ኣብ ሆስፒታል ደቂስኩም ተሓኪምኩም ትፈልጡ'ዶ፧ መልስኹም እወ እንተኾይኑ፡ መዓስ ምኳኑን ምኽንያት ምድቃስኩምን ብምሕባር፡ ካብቲ ሆስፒታል ዝተዋህበ ሕክምናዊ ጸብጻብን ብዛዕባ ህሉው ኩነታትኩም ዚምልከት ጸብጻብን ብኽብረትኩም ኣተሓሕዙ። | | |
| 3. | ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ መድሃኒት ብስሩዕ ትወስዱ ኣለኹም'ዶ ወይ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ብስሩዕ ወሲድኩም ትፈልጡ'ዶ፧ መልስኹም እወ እንተኾይኑ፡ ስም ናይቲ መድሃኒትን ዝወሰድክሙሉ ምኽንያትን ብኽብረትኩም ሓብሩ። | | |
| 4. | ኣልኮላዊ መስተ ብስሩዕ ትወስዱ ኣለኹም'ዶ ወይ ቅድሚ ሕጂ ብስሩዕ ትወስዱ ነይርኩም'ዶ፧ መልስኹም እወ እንተኾይኑ፡ እቲ ዓይነታት መስተ እንታይ ምኳኑን ንኽንደይ ግዜ ከምእትወስዱን ብኽብረትኩም ሓብሩ። | | |
| 5. | ዕጸ-ፋርስ ትወስዱ ኣለኹም'ዶ ወይ ቅድሚ ሕጂ ዕጸ-ፋርስ ወሲድኩም ትፈልጡ'ዶ፧ | | |
| 6. | ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ሽጋራ ኣትኪኹም ትፈልጡ'ዶ፧ | | |
| 7. | ኣብ ዝሓለፉ 12 ኣዋርሕ፡ ካብ ሚዛን ሰብነትኩም ልዕሊ 5 ኪ.ግ. ጐዲልኩም'ዶ (ፍሉይ ዓይነት ኣመጋግባ ዝወሰድኩም እንተዘይኮይኑ እዩ)፧ ጐዲልኩም እንተኴንኩም፡ ብኽብረትኩም ዝርዝር ሓበሬታ ሃቡ። | | |
| 8. | ከም ደም ወይ ሽንቲ ዝኣመሰለ ናይ ላባራቶሪ መርመራ (ዘይንቡር ውጽኢት መርመራ) ወይ ንካታተር፡ ናይ ድምጺ መመርመሪ ልቢ፡ ኢንዶስኮፒ፡ ንመንሽሮ ዚምርመር ሰፊሕ መርመራ፡ ባዮፕሲ፡ ECG፡ ኤክስ-ረይ ወይ ኣልትራሳውንድ፡ ስካን፡ CT፡ MRI ዜጠቓልል ሕክምናዊ መርመራ ተገይርልኩም'ዶ፧ መልስኹም እወ እንተኾይኑ፡ ንምኽንያት፡ ዕለትን ውጽኢትን ብኽብረትኩም ሓብሩ | | |
| 9. | ንኽትሰርሑ ምሉእ ወይ ከፊላዊ ዓቕሚ ዘይብልኩም ዲኹም ወይ ከምኡ ኣጋጢምኩም ይፈልጥ'ዶ፧ | | |
| 10. | ስንክልና ኣለኩም'ዶ፧ | | |
| 11. | ዝኾነ ዓይነት መሳርሒ ሕክምና ትጥቀሙ'ዶ፧ | | |
| 12. | ኣብ ግዜ ወሊድ ብዘጋጠመኩም ጸገም ጥዕና ትሳቐዩ ኣለኹም'ዶ፧ | | |
| 13. | ንቍስሊ ቆርበት ብዜጠቓልል ናይ ርእሰ-ምክልኻል ሕማም ትሳቐዩ ኣለኹም'ዶ፧ | | |
| 14. | ዝኾነ ሕክምናዊ ፍወሳ ወይ ኣብ ሆስፒታል ደቂስካ ዝውሰድ ሕክምና ንኽውሃበኩም ትጽበዩ ኣለኹም'ዶ፧ | | |
| 15. | ተሰካሚ ኤች.ኣይ.ቪ፡ ጸረ-ነፍሳት ከምኡውን/ወይ ቫይረስ ዲኹም፧ | | |
| 16. | **ሕክምና ማሕጸን – ንደቀኣንስትዮ ጥራይ፥** | | |
| | ሀ. ጥንስቲ ዲኺ፧ | | |
| | ለ. ከም ዘይስሩዕ ጻግነ፡ መኻንነት፡ ጸገም ምፍሳስ ደም፡ ናይ ማሕጸን ሕማም፡ ጸገም ምጽፋይ እንቛቑሖ፡ ዘይንቡር ውጽኢት መርመራ ማሕጸን (ከም PAP) ወይ ዝኾነ ካልእ ዓይነት ሕማማት ማሕጸን ኣለኪ'ዶ ወይ ትሳቐዪ ኣለኺ'ዶ፧ | | |
| | ሐ. ዝኾነ ሕማም ጡብ ወይ ሕበጥ ጡብ ኣለኪ'ዶ፧ | | |
| | መ. ብመብጣሕቲ ሓሪስኪ ትፈልጢ'ዶ፧ | | |

| | ዝኾነ ካብዚ ዝስዕብ ሕማማት ወይ ኩነታት ኣለኩም፨ዶ ወይ ትሳቐዩ ኣለኹም፨ዶ፧ | እወ | ኣይፋል |
|---|---|---|---|
| 17. | **ስነ-መትናዊ ጸገማት** – ጽርውርውታ፡ ቃንዛ ርእሲ፡ መርዘን፡ ምጥፋእ ሃለዋት፡ መልመስቲ፡ ሕማም ምንፍርፋር፡ ናይ ምዝካር ጸገማት፡ ኣብ ሓሳብ ዘመስርሕ ህዋስ ዘጋጥም ጸገማት፡ ኣካላዊ ጉድኣት ዘስዕብ ሕማማት፡ ወቕዒ፡ ምፍሳስ ደም ኣእምሮ፡ C.V.A.፡ ጸገም ምሕላው ሚዛን ሰብነት፡ ሕማም ረሲዕ፡ ምልማስ ጨዋዳታት፡ ኣእምሮኣዊ ስንክልና፡ ጽላለ፡ ብዙሕ ዝዓይነት ትሪ ዓጽሚ ዜጠቓልል፨ዩ። | | |
| 18. | **ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት** – ዝኾነ ዓይነት ጥዕናዊ ጸገም ወይ ፈተነ ርእሰ-ቅትለት | | |
| 19. | **ቍጥዐ-ኣካላት** – ብዛዕባ ዘለኩም ቍጥዐ-ኣካላትን እትወስድዎ ዝኾነ ዓይነት ሕክምናን ዚምልከት ዝርዝር ሓበሬታ ብኽብረትኩም ሃቡ | | |
| 20. | **ናይ ምስትንፋስ ጸገማት** – ኣዝማ፡ ሕማም ዓባይ ሰዓል፡ ተደጋጋሚ ሕማም ሳንቡእ (ኑመንያ)፡ ሰረታዊ ዓይነት ሕማም፡ ነድሪ ጒርጒማ፡ ምእካብ ምጒሊ፡ ኣብ ናይ ምስትንፋስ ለቖታ ዘጋጥም ተደጋጋሚ ረኽስታት፡ COPD፡ መቑሰልቲ ሳንቡእ | | |
| 21. | **ናይ ልብን ጸቕጢ ደምን ጸገማት** – ቃንዛ ናይ ምስትንፋስ ዓፈና፡ ወቕዒ ልቢ፡ ጸገም ኤለትሪካዊ ክፋል ልቢ፡ ጸገም መፈንቶ ልቢ፡ ኣብ ወሊድ ዘጋጠመ ሕማም ልቢ፡ ጸገም ጨዋዳ ልቢ፡ ሕማም ልቢ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም ወይ ምቅይያር ጸቕጢ ደም ዜጠቓልል፨ዩ | | |
| 22. | **ናይ ልብን መትኒን ጸገማት** – ኣብ ሻምብቆ ደም ዜጋጥም ምርጋእ ደም፡ ኣብ ውሽጢ መትኒ ዘጋጥም እልገተ-ደም፡ ሃርሃርታ ሰራውር ደም፡ ሕማም ልብን መትንን፡ ሕማም ናይ ግዳም ሻምብቆ ደም | | |
| 23. | **ስርዓት ምሕቓቕ ምግቢ** – ጸገማት ምሕቓቕ ምግቢ (ቍስሊ ከስዐ ወይ ቍስሊ ኣምዑት)፡ ቀሓር፡ ኣብ መዓንጣ ዜጋጥም ሕማማት ረኽሲ፡ ነድሪ ረጒድ መዓንጣ፡ ነድሪ ዳንዱር፡ መድመይቲ መዓንጥእ፡ መድመይቲ፡ ጸገማት ሸውሃት፡ ጸገማት ጸላም ከብዲ ወይ ሕማም ጸላም ከብዲ፡ ሕማም ወይቦ፡ ረኽሲ ሽንቲ ሓሞት፡ ጸጸር ሓሞት፡ ጸገማት ሻሕለለ፡ ረኽስታት ጣፍያ | | |
| 24. | ናይ መብጣሕቲ ኤርንያ ዜጠቓልል ዝኾነ ዓይነት **ኤርንያ** | | |
| 25. | **ረኽስታት ኩሊትን ሻምብቆ ሽንትን** – ጸጸር ኩሊት፡ ረኽስታት ወይ ዕግታ ኩሊት ወይ ሻምብቆ ሽንቲ፡ ኣብ ሽንቲ ዝርኤ ደም ወይ ፕሮቲን፡ ሕዱር ሕማም ኩሊት፡ ጸገም ከረጺት ኩሊት፡ ጸገማት ብልዕቲ ተባዕታይ ዜጠቓልል፨ዩ | | |
| 26. | **መለጋገቦን ዓጽምን** – ነድሪ መላግቦ፡ ሕማም ሪሕ፡ ሕቖ፡ ዓንዲ-ሕቖ፡ ብርክን ካልእ ጸገማት መለጋገቦ፡ መብጣሕቲ መስበርቲ፡ ሕማማት ዓጽሚ ዜጠቓልል፨ዩ | | |
| 27. | **መታቦልነትን ስርዓት ምክልኻል ሕማምን** – ሕማም ሽኮር፡ ጸገማት ጒዕጒዕቲ፡ ጸገማት ጽክታት ኩሊት፡ ጽክታት ፒትዊታ፡ ጽክታት ዕያገነዳ፡ ጽክታት ምራቕ ወይ ካልእ ጽክታት፡ ብዝሒ ስብሒ ደም፡ ኣብ ደም ዜጋጥም ሕማም ወይ ምርጋእ ደም፡ ዋሕዲ ደም ዜጠቓልል፨ዩ | | |
| 28. | **ቀታሊ ሕማም (መንሽሮ)** – ቀታሊ ወይ ቀታሊ ቅድሚ ምዃኑ ዜጋጥም ሕበጥ ወይ ቀታሊ ቅድሚ ምዃኑ ዜጋጥም ሕማማት ዜጠቓልል፨ዩ ዓይነት፡ ዕለት ነጸርታን ፍወሳን ብኽብረትኩም ሓብሩ | | |
| 29. | **ሕማማት ቆርበትን ወሲብን** – ምግዛፍ ቆርበት፡ ሕማም ፍእፍእ ቆርበት፡ ብቫይረስ ዜጋጥም ሕማም ቆርበት፡ ፍንጣጣ፡ ጡብ ኣድጊ፡ ጒዳኢ ዘይኮነ ሕበጥ / ናይ ብልዕቲ ጡብ-ኣድጊ ዜጠቓልል፨ዩ | | |
| 30. | **ጸገማትን ሕማማትን ዓይኒ** – ዓጽሚ ዓይኒ፡ ምሕውላል ዓይኒ፡ ምዕዋር፡ ጸገማት ኮርንያ ወይ ረሪኩሉም፡ ምድብዛዝ ዓይኒ፡ ኣበር ዓይኒ (ኣስቲግማቲዝም)፡ ግላውኮማ ዜጠቓልል፨ዩ | | |
| 31. | **እዝኒ፡ ኣፍንጫን ጒሮሮን** – ተደጋጋሚ ረኽስታት፡ ራይኖሳይነስ፡ ናይ ኣፍንጫ ሕንጥብ፡ ሓናት፡ ናይ ምስማዕ ጸገማት፡ ኣብ ድቃስ ዜጋጥም ዕብሰት፡ ምሕርናኽ ዜጠቓልል፨ዩ | | |

ብዛዕባ፨ቲ "እወ" ኢልኩም መልሲ ዝሃብክሙዎ ሕቶታት ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ብኽብረትኩም ሃቡ። ቦታ ምስዘይኣኽለኩም፡ ካልእ ወረቐት ብምውሳኽ ብኽብረትኩም ቀጽልዎ፣ ንሕክምናዊ ሰነዳት ድማ ኣተሓሕዙ።

| ብበዓል-ውዕል ዚውሃብ መግለጺ | | |
|---|---|---|
| ኣብዚ መግለጺ ጥዕና፨ዚ ዝሃብክዎ ኩሉ ሓበሬታ ቅኑዕን ትኽክልን ምዃኑ ከምኡውን ዝኾነ ካልእ ጥዕናዊ ጸገም፡ ኣብ እዋን ወሊድ ዘጋጥም ጉድለት ጥዕና ወይ ብውርሻ ዚመሓላለፍ ሕማም ከምኡውን/ወይ ቅድሚ፨ዚ ውዕል መድሕን፨ዚ ብዝነበረ ጥዕናዊ ኩነታት ብቐጥታ ይኹን ብዘይቀጥታ ዝተበገሰ ከምኡውን/ወይ ከምዝጋደድ ዝገበረ ጥዕናዊ ኩነታት ከምኡውን/ወይ ስእነት ጥዕና ከምኡውን/ወይ ሕማምን ስምብራትን ከምዝነበረ ከምኡውን/ወይ ትካል መድሕን ንሓታቲ ኣብ መድሕን ንኽአቱ ንዘቕረቦ ጠለብ ንኺነጽጐ ወይ ንኽይቕበሎ ዚገብር ዝኾነ ካልእ ሓበሬታ ከምዘይብለይ ኣፍልጦ ከምዘይብለይ እገልጽ ኣለኹ።<br>**እዚ መግለጺ፨ዚ፡ በቲ ዝርድኦ/ኣ ቛንቋ ምስተገልጸሉ/ላ ብበዓል/ቲ መድሕን ዝተፈረመ እዩ።** | | |
| ክታምን ዕለትን | ስም ብዓል መድሕን | ፊርማ ናይ ተመሓላሊፍ<br>⇓ |

| ብዛዕባ ሓታቲ መድሕን ዚምልከት ሓበሬታ | |
|---|---|
| 1. | እቲ ውዕል ግዚኡ ምስኣብቅዔ፡ ብመሰረት ኩነታት፨ቲ ውዕል ኣብ ውሽጢ 90 መዓልታት ኪናዋሕ ይከኣል፣ እዚ ግን ከም ወጻእተኛ ሰራሕተኛ ኴንኩም ኣብ እስራኤል ንዝተቐመጥክሙሉ ማለት ካብቲ ውዕልኩም ዘብቅዓሉ ክሳዕ፨ቲ ውዕልኩም ዘናውሕክሙሉ ግዜ ዚምልከት ክፍሊት ውዕል |

እንተኸፊልኩም እዩ (እዚ ክፍሊት'ዚ፡ ብወናኒ ውዕል መድሕን ወይ ብኣስራሒ ኪኸፈል ይከኣል እዩ)። እቲ ውዕል ምስኣብቅዔ 90 መዓልታት እንተሓሊፉ፡ ሓድሽ መስርሕ ውዕል መድሕን ጥዕና ክትኣትዉ ከድልየኩም እዩ።

2. ብመሰረት ኣብ ኣዋጅ ማዕረ ዕድላት ንስንኩላን – 1988 ተገሊጹ ዘሎ፡ ብስንክልና ትሳቐዩ እንተሊኹም፡ ንመዓልታዊ ንጥፈታትኩም ንኽተካይዱ ብዓቢ ደረጃ ብዝዕንቅጸኩም ቀዋሚ ወይ ግዝያዊ ኣካላዊ ስንክልና፡ ስነኣምሮኣዊ ወይ ተገንዝቦኣዊ ጸገም ትሳቐዩ ኣለኹም ማለት እዩ፣ ብኽብረትኩም ኣብዚ ቅጥዒ'ዚ ብዘሎ ዝርዝር ሓበሬታ ገይርኩም ንወኪል መድሕን ሓብሩ።

## መግለጺ ሓታቲ መድሕን

1. **ነዚ ዚስዕብ ኣመልኪተ ቃለይ እህብ፡ እሰማማዕን ሓላፍነት እወስድን፥** (1) ኩሉ መልስታተይ፡ ቅኑዕን ምሉእን ከይኑ፡ ብገዛእ ናጻ ፍቓደይ ድማ ዝሃብክዎን እዩ። (2) ኣብዚ መግለጺ ጥዕና ዝሃብክዎ መልስታትን ንትካል መድሕን ዝሃብክዎ ካልእ ሓበሬታን፡ ብመንጽር መትከላት ትካል መድሕን፡ ኣብ መንጐይን ኣብ መንጎ ትካል መድሕን ንዝተኣትወ ውዕል መድሕን ዚምልከት ኣገዳሲ ስምምዕ ኮይኑ፡ ኣገዳሲ ክፋል ናይቲ ውዕል መድሕን እዩ። (3) ትካል መድሕን፡ ምኽንያት ናይቲ ዝተዋህበ ውሳኔ ከይሓበረ ነዚ መመልከቲ'ዚ ኪቕበሎ ወይ ኪነጽጎ ንኺውስን ናጻ እዩ። ትካል መድሕን፡ ነቲ መድሕን ብጽሑፍ ከምዝተቐበሎ ምስኣረጋገጸን እቲ ናይ መጀመርታ ክፍሊት ውዕል መድሕን ብምሉእ ምስተኸፍለን ጥራይ ውዕል መድሕን ኣብ ግብሪ ከምዚውዕል እፈልጥ።
2. ትካል መድሕን፡ ብመሰረት'ዚ ውዕል መድሕን'ዚ፡ ንዝኾነ ጸገም ጥዕና፡ ኣብ እዋን ወሊድ ዘጋጥም ጉድለት ጥዕና ወይ ብውርሻ ዚመሓላለፍ ሕማም ከምኡውን/ወይ ቅድሚ'ዚ ውዕል መድሕን'ዚ ብዝነበረ ዝተፈወሰ ይኹን ዘይተፈወሰ ጥዕናዊ ኩነታት ብቐጥታ ይኹን ብዘይቀጥታ ዝተበገሰ ከምኡውን/ወይ ከምዝጋደድ ዝገበረ ጥዕናዊ ኩነታት ከምኡውን/ወይ ስእነት ጥዕና ከምኡውን/ወይ ሕማምን ስምብራትን ኣብ ግምት ብምእታው ኣገልግሎት ንኸይህብ ናጻ ምዃኑ እፈልጥ'የ፣ እዚ ግን ብመሰረት ሕግታት ወጻእተኛታት ሰራሕተኛታት (Foreign Workers Ordinance) ከምኡውን ደንብታትን ኩነታትን'ዚ ውዕል መድሕን'ዚ እዩ።
3. ብኻልእ ኩባንያ መድሕን ከምዘይተነጸግኩ ቃለይ እህብ ኣለኹ።
4. ንቖንዲ ሽፈነ መድሕን፡ ክፍሊት መድሕን፡ ግዜ ሽፈነ መድሕን፡ ጠቕላላ ዋጋ ናይቲ መድሕን ከምኡውን ደረታት ሓላፍነትን ምሉእ ትሕዝቶ ቃላት ውዕል መድሕን ዝውሃቦ ዕድልን ዜጠቓልል ብዛዕባ'ቲ መድሕን ዚምልከት ሓበሬታ ከምእተቐበልኩ ኣረጋግጽ ኣለኹ።
5. ኣብዚ ውዕል መድሕን ብምእታው፡ ትካል መድሕን፡ ምስ መስርሕ ውዕል መድሕንን መስርሕ ምእታው ውዕልን ዚተኣሳሰር ኩሉ ምልክታታት ከምኡውን/ወይ ሰነዳት ብስምኩም / ኣብ ክንዳኹም ኬቕርብን ኪቕበልን ስልጣን ትህብዎ ኣለኹም።
6. ውዕል መድሕን፡ በቲ ኣብዚ ቅጥዒ'ዚ ዘሎ ዝርዝር ሓበሬታ ወኪል መድሕን ንኺለኣኽለይ እሰማማዕ።
7. **ምሕዳግ መሰል ጥዕናዊ ምስጢራውነት**
   ኣነ፡ ብዛዕባ ዝኾነ ሕክምናዊ ኩነታተይ ከምኡውን/ወይ ሕማም ወይ ቅድሚ ሕጂ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ወይ ኣብ መጻኢ ኣብ ህይወተይ ጽልዋ ብዛዕባ ዝገብር ጥዕናዊ ኩነታት ዚምልከት ኩሉ ዓይነት ሓበሬታ በቲ ኩባንያ መድሕን ዚሓቶ ዓይነት ቅዳ ንAyalon Insurance Company Ltd. (ካብዚ ቀጺሉ፥ “ብኩባንያ መድሕን” ይጽዋዕ) መታን ክህቡ፡ ንኹሎም'ቶም ትካላት ምሕደራ ጥዕና ከምኡውን/ወይ ትካል ሕክምና ከምኡውን ዝኾነ ዶክተር፡ ሆስፒታል ወይ ካልእ መሳለጥያ ጥዕና ከምኡውን/ወይ ዝኾነ ኩባንያ ከምኡውን/ወይ ተቐዋም ከምኡውን/ወይ ኣካል መድሕን ኣብ ታሕቲ ክታም ብምግባር ኣፍቀደሎም ኣለኹ፣ ምስጢር ጥዕናዊ ኩነታተይ ንኽትዕቅቡ ካብ ዘለኩም ግዴታ ናጻ እገብረኩም ኣለኹ፣ ንመድሕን ኩባንያ'ውን ካብዚ ግዴታ'ዚ ናጻ እገብራ ኣለኹ። እዚ ምሕዳግ መሰል'ዚ፡ ንዓይ፡ ንወረስተይን ሕጋውያን ወከልተይን ከምኡውን ንዓይ ወኪሎም ዝመጹ ኣካላትን ቀያዲ እዩ።

ንምሉእ ትሕዝቶ ቃላት'ዚ ውዕል'ዚ ከምኡውን/ወይ ብዛዕባ መስርሕ ውዕልን ብኩባንያ መድሕን ብቐጥታ ዚግበር መስርሕ ምእታው ውዕልን ዚምልከት ዝኾነ ካልእ ሓበሬታ ክትረኽቡ እንተደሊኹም፡ ብኽብረትኩም ኣብ ዝኾነ ግዜ ተወከሱና።

**ንቐረብን ኣተሓሕዛን ውልቃዊ ሓበሬታ ዚምልከት ሕግታት ሓለዋ ምስጢራውነት**

ውልቃዊ ሓበሬታኹም ንኣያሎን (Ayalon) ንኽትህቡ ዝኾነ ዓይነት ሕጋዊ ግዴታ ከምዘይብልኩምን ኣብ እትህብሉ እዋን ድማ ብናትኩም ፍቓድ ምዃኑን ብኽብረትኩም ኣስተብህሉ። እንተኾነ ግን፡ ገለ ካብ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ምስዘይትህቡ፡ ኣያሎን፡ ኣገልግሎት ኪህበኩም ወይ ንሕቶታትኩም ኪምልሰልኩም ዘይክእለሉ ግዜ ኣሎ።

እቲ እትህብዎ ውልቃዊ ሓበሬታ፡ ኣብ ማዕከን-ሓበሬታ ኩባንያ መድሕን ኣያሎን (Ayalon Insurance Company Ltd) ከምዚዕቀብ ኪኸውን እዩ። እዚ ማዕከን-ሓበሬታ ኣያሎን፡ ብሕጋዊ መገዲ ዚመሓደር ኮይኑ፡ ኣያሎን፡ ምስጢራውነትኩም ንኺሕሉ ንዘለኩም መሰል የኽብር እዩ። ውልቃዊ ሓበሬታኹም ብኣያሎን ብኸመይ ከምዚተሓዝ (ንምንታይ ዕላማታት ከምዚውዕል፡ መን ኪረኽቦ ከምዝኽእልን ንምንታይ ዕላማታት ምዃኑን የጠቓልል)፣ መወከሲ ዝርዝር ሓበሬታ ኣያሎን ከምኡውን ኣያሎን ምስ ዘመስርሖ ውልቃዊ ሓበሬታ ዝተኣሳሰር መሰላትኩም ዚምልከት ዝርዝር ሓበሬታ (ናይ ምኽላስ መሰል፡ ኣብ ውልቃዊ ሓበሬታኹም መኣረምታታት ንኺግበር ሕቶ ናይ ምቕራብ መሰል የጠቓልል)፡ ኣብ ሰነድ ፖሊሲ ምስጢራውነት ኣያሎን ይርከብ እዩ፣ ካብ መርበብ-ሓበሬታ ኣያሎን፥ https://www.ayalon-ins.co.il/about-us/privacy-and-security/ ድማ ከተውርድዎ (ዳውንሎድ ክትገብርዎ) ይከኣል እዩ።

| ዕለት ክታም | ስም ሓታቲ መድሕን | ፊርማ ናይ ተመሓላለፍ ⇓ |
|---|---|---|
| | | |